
# ቃለ-መሕትት

## ምስ ደራስን ጋዜጠኛን ዘመንፈስ ሃይለ ኣብ መጽሓፍ “ኣቦይ ግርማይ” “ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኰኑ፡ ተረኽቲ ታሪኽና እውን ክንከውን ኣለና”




ተስፋይ ዕቑባይ

**ሕቶታ ንኣንበብቲ ‘ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ’ ምሳኻ ንምልላይ ዝኣክል - ዘመንፈስ ሃይለ መን እዩ? - የቐንየለይ ተስፋይ - ፈለማ ንዓኻን ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ኣመስግን። ብምቕጻል “ዘመንፈስ ሃይለ መን’ዩ?” ብሓቂ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ ንዓይ። ግን ከኣ ብቐሊሉ ንምምላሱ ዝኸብድ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኣነ ብዛዕባ ነብሰይ ክብሎ ዝኽእል፡ ብመጠኑ ኸኣ ምስ’ቲ ሰባት ብኸምዚ እዮም ዝፈልጡኒ ዝኾኑ ዝብሎን ዘመስለንን ሰብነተይ ጥራይ እየ ከላሊ ማለት’ዩ። እዚ ስም’ዚ ንዝሓለፈ 49 ዓመታት ከም ሰብ፡ ንዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ከኣ ከም ኣብ ስነ-ጥበብ ዝግደስን ሓሓሊፉ እውን ፍርያቱ ናብ ሓፋሽ ዘቃልሕን ሰብ በቲ ሓደ መዳይ፡ በቲ ኻልእ’ውን ኣብ ጋዜጠኝነት ብዝተፈላለየ መልክዕ ክሳተፍ ዝጸንሐን ዘሎን ሰብ እየ እብል።**

**ኣብ ስነ-ጽሑፍ ናተይ ቀንዲ ባህጊ፡ ስነግጥሚ እዩ። ብድሕሪኡ ልብ-ወለድ እዩ። ቀጺሉ እዩ እቲ ዘይልብ-ወለዳዊ ወይ መጽናዕታውን ጋዜጠኝነታውን መዳይ ዝስዕብ። እዚ ማለት ብዓቢኡ እዚ ሎሚ ኣራኺቡና ዘሎ ኣርእስቲ፡ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት “ኣቦይ ግርማይ” ዝኣመሰለ ስርሓት’ውን ዘጠቓልል እዩ። ካልእ ንህሉው ኵነታተይ ብዝምልከት፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ኣባል ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኰይነ፡ ኣብ መኰነን ሓበሬታን ጐስጓስን ሚኒስትሪ**

ምክልኻል፡ ጨንፈር ባህልን ስነ-ጥበብን ከም ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ትምህርትን መጽናዕትን ኰይነ እሰርሕ ኣለኹ።

**ሕቶ፦ ንሎሚ ብቐጥታ - ብዛዕባ'ዛ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ወርሒ ዘሕተምካያ መጽሓፍ ኢና ተራኺብና ዘለና። “ኣቦይ ግርማይ፡ ዛንታ ህይወትን ስነ-ጥበብን ግርማይ ሰሎሞን በራኺ 1932-2019 ምስ ቍንጫል ካብ መሰረት ታሪኽ ዘመናዊ ስነ-ጥበብ ኤርትራ” እያ እትብል። ቀዳመይቲ መጽሓፍካ እያ ኰይና ዘላ'ሞ እስከ ብዛዕብኣ እንታይ ትብለና?**

- ጽቡቕ፡ ኣቐዲመ ሓደ ከነጽሮ ዝደሊ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እንታይ'ዩ ኵሉ ነገር ብተዛማዲ እንድዩ ዝምዘን - ስለ'ዚ እዚ መጽሓፍ'ዚ ዋላ ድኣ ጽቡቕ ተቐባልነት ምርካቡ ዘሐጕሰኒ ይኹን'ምበር፡ ብኹሉ ኹሉ ክርአ እንከሎስ ሓደ ንኡስ ዕዮ ናይ'ቲ ክግበር ዝእኽል ገዚፍ ስራሕ ምዃኑ እዩ። ናብ ሕቶኻ ክምለስ፡ ሓቅኻ ኢኻ እዛ መጽሓፍ ቀዳመይቲ ወይ በኹሪ መጽሓፈይ እያ። እንተኾነ፡ ንስኻ ኰነ ካልኦት ብጾት'ውን ኣጸቢቕኩም ከም እትፈልጥዎ፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ሓንቲ ካብተን ድሒረ ዘዳለኹወን እያ።

ቅድሚኣ ተስፋይ ዕቝባይ ቀዳማይ ክፋል ቃለ-መሕትት ውሑዳት ዘይኰና ውዱኣት ፈጠራውን ዘይፈጠራውን (creative and none creative) ዝኾነ ትሕዝቶ ዘለወን - ግን ድማ ናብ ማሕተም ዘይበጽሓ መጽሓፍቲ ኣለዋኒ። እዛ ሎሚ ኣራኺባትና ዘላ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት “ኣቦይ ግርማይ” ግን፡ ልክዕ ከምኦም ከም ኣቦይ ግርማይ፡ ዕድለኛ ኰይና እያ ንኹለን ቀዲማ ናብዚ ደረጃ'ዚ በጺሓ ዘላ። ሕቶ፦ ከመይ ማለት፡ ብኸመይ ድያ ተዳልያን ናብ ማሕተም በጺሓን? - እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብወዝቢ ክብሃል ብዝኽእል መዳዩ፡ ኣብ 2016 ዝተጀመረት ስራሕ እያ። ኣጀማምርኣ፡ ምስ ምርምርን ስነዳን ብምዃን ንታሪኽ ገዳይም ስነጥበበኛታትና ንምስናድ ብዝብል ሓሳብ ዝነቐለ እዩ ነይሩ። እዚ ሓሳብ'ዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ምስ'ቲ ኣብቲ እዋን ኵነታት ጥዕና ኣቦይ ግርማይ የንቈልቍል ምንባሩ፡ ‘ንዓኦም ቀዳምነት ብምሃብ ይጀመር’ ኢልና፣ ንዕኦም ኣቐዲምና ብቐጥታ ምስ ኦውድዮ-ቪዥዋል AVIS ብምዃን፡ ተኸታታሊ ቃለ-ምልልስ ኣካይድና። ስለ'ዚ ኸኣ፡ እቲ ዝበዝሕ ትሕዝቶ ናይ'ዛ መጽሓፍ ንዓኡ መወከሲ ዝገበረ እዩ።

**ሕቶ፦ ዛጊት መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣብ ሃገርና ብዙሕ ልሙድ ኣይኰነን ጸኒሑ፣ ንስኻ ከመይ ኢልካ ኢኻ ናብ'ዚ ልሙድ ዘይኰነ ዓውዲ ኣቲኻ ክትሰርሕ መሪጽካ?**

- ሓቅኻ ኢኻ፡ እዚ ሓደ ካብ መዳያት ስነ-ጽሑፋዊ ዕዮታት ወይ ዓሌት (genre) ዝኾነ ዓውዲ'ዚ፡ ኣብ ሃገርና ክሳብ ክንድ'ቲ ልሙድ ኣይኮነን ጸኒሑ። ኣነ ነቲ ዛንታ ብስሩ ንምትሓዙ፡ ነዚ ስራሕ'ዚ ኣብ 2013፡ ታሪኽ ህይወት ኵሉ-መዳያዊ ስነ-ጥበበኛ ክቡር ኣቦና መምህር ኣስረስ ተሰማ ንምጽሓፍ ኢለ እየ ናብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ተኣልየ'ምበር፡ ከም'ቲ ኣቐዲመ ክብለካ ዝፈትንኩ፡ ናተይ ዓውዲ ፈጠራዊ ጽሑፍ - ማለት ስነ-ጽሑፍ፡ ግጥምን ልብ-ወለድን እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ክራማት ናይ 2013፡ ብተገዳስነት ኣቶ ኤልያስ ኣማረ ኣቢሉ፡ ምስ ስድራቤት መምህር ኣስረስ ተሰማ ተራኺበ። ሽዑ ኣቶ ኤልያስ ኣማረ ብዘንቀሎ ቅዱስ ሓሳብ፡ 'ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ብመልክዕ መጽሓፍ ክዳሎ ኣለዎ' ተባሂሉ። ኣብቲ እዋን ድሮ መምህር ኣስረስ፡ ብጽኑዕ ሓሚሞም ዓራት ሒዞምን ዝኾነ ነቲ ዛንታኦም ዝምልእ ሓሳባት ክህቡ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ በጺሖምን እዮም ጸኒሖምና።

ብዝኾነ እቲ ሓሳብ በቶም ስድራቤት ቅቡል ኰይኑ ስለ ዝተረኸበ፡ ምስኦም ተሰማሚዕና፡ ታሪኽ ህይወቶም ዝሓዘ መጽሓፍ ንምድላው ክንቀሳቐስ ጀሚረ ማለት'ዩ። እቲ ኣጀማምራ ከምዚ እዩ። እቲ ዛንታ ከይሰፍሓና ምእንቲ ግን፡ ምስ'ዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ጉዳይ ንምትሕሓዙ፡ ነዚ ናይ መምህር ኣስረስ ተሰማ ጉዳይ ከጽንዕ ክብል፡ ብዕምቈት ናብ ታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ ክኣቱ ተገዲደ። እዚ ኸኣ ምስ ምርምርን ስነዳን ኣራኺቡኒ። ኣቶ ዘምህረት ዮውሃንስ፡ ነቲ ኩነታት ምስ ርኣየ፡ ካልእ ዕዮ ገዛ ሂቡኒ። 'ንመጽሓፍ ጠዓሞት ዳግማይ ኣስፊሕካ ምድላዋ' ዝብል ከኣ እዩ። ኣነ እውን ባህ ኢሉኒ ተቐቢለዮ። እንተኾነ ብወገነይ እውን ዝያዳ ናብቲ መጽናዕቲ ምስ ኣተኹ፡ ክንዲ ንመጽሓፍ ጠዓሞት ዳግማይ ምኽላስ፡ ከም ብሓድሽ ንታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ ጥራይ ፈልየ ከጽንዮ ተበጊሰ። ቅቡል ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ሕጂ ኪኖኡ እውን ኣስፊሐ፡ ንታሪኽ ያታውን ዘመናውን ሙዚቃ ኤርትራ ኣብ ምጽናዕ ኣትየ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መድረኽ ከኣ እዩ ምድላው መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣቦይ ግርማይ ዝብል ሓሳብ እውን መጺኡ። እዚ ኸኣ ካልእ ተወሳኺ ዛንታ'ውን ኣለዎ።

ሕቶ፡- ከመይ ማለት?

- ኣብ 2016 እዩ ዝመስለኒ፡ ንኣቦይ ግርማይ ፈታዊኦምን ኣድናቒኦምን ዝኾነ ብጻይ ሮቤል ተኽለ (ወዲ ዓንደለ) ካብ ሽወደን ይመጽእ'ሞ፡ ንታሪኽ ኣቦይ ግርማይ ክስነድ ከም ዘለዎ ይሓስብ። እቲ ሓሳብ፡ ኢሉ ኢሉ. . . ማዕቢሉ፡ ናብ "ብመልክዕ መጽሓፍ ምድላው ይምረጽ" ዝብል በጺሑ። ኣብኡ'ውን ደው ኣይበለን፡ "ናይ ኣቦይ ግርማይ ታሪኽ ንበይኑ መጽሓፍ

ኣይኣክልን'ዩ። ስለ'ዚ ታሪኽም ምስ ታሪኽ ናይቶም ክልተ ምስኦም ኣብ ኢትዮጵያ ታሪኽ ዝሰርሑ፡ ኣርካናት ስነ-ጥበበኛታት - ሻለቃ ግርማይ ሓድጉን ኣቡበከር ኣሰክሕን ተሓዊሱ ክዳሎ" ዝብል ኰነ። ኣነ ነዚ ሓሳብ ተቐቢለ፡ ነቲ ዛንታ ናይ ሰለስቲኦም ታሪኽ ከጽንየ ጀሚረ። ናይ ኣቡበበከር፡ ብዓልቲ-ቤቱ ዘዳለወታ መጽሓፍ ስለዘላ፡ ካብኣ ብምውካስን ተወሳኺ ካብ ፈለጥቱን ሰነዳቱን ብጽንባርን፣ ናይ ሻለቃ ግርማይ ሓድጉ፡ ሓድሽ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ናይ ኣቦይ ግርማይ ድማ ከም'ዚ ክብሎ ዝጸናሕኩ ብሓድሽ መጽናዕቲ። ኣብ'ዚ መስርሕ ኸኣ'ዩ እቲ ሓሳብ ማዕቢሉ፡ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ ንበይኑ መጽሓፍ ክወጽእ ከም ዝኽእል ተረዲአ። ብ'ኸምኡ ኸኣ ምስ ብጻይ ሮቤል ተኽለ (ወዲዓንደለ) ብምትሕብባር፡ ንሱ ነቲ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ክሸፍኖ፡ ኣነ ሞያዊ ኣበርክቶይ ክግበር ኢልና ጀሚርናዮ። ብጻይ ሮቤል፡ ብፍላይ ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ፡ ክሳብ'ቲ ናብ ኢትዮጵያ ከይደ ንልዕሊ ወርሒ ዝገበርኩዎ መጽናዕቲ - ይጠልቦ ንዝነበረ ኵሉ ወጻኢታት ከይተረፈ ብምሽፋን፡ ኣብ'ዚ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ግዱስ ዜጋ እዩ።

**ሕቶ፦ ስለምንታይ እዩ ግን ካብ'ዞም ኵሎም ስነ-ጥበበኛታትና ፈልዩ፡ ብኣቦይ ግርማይ ክግደስ ክኢሉ፡ ንምንታይ?**

- ጽቡቕ፡ እዚ ዝያዳ ንሱ ክምልሶ ዝግብኦ ሕቶ'ዩ። ተስፋ እገብር'ውን ሮቤል ምስ መጽአ ድዩ ካብ ዘለዎ ኹይኑ ተሓቲቱ ናቱ ምላሽ ክህበሉ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ተበግሶኡ ኣነ'ውን "ንምንታይ?" ኢለ ሓቲተዮ እየ። ዝገርም ነገር እውን እዩ። ሰብ ንታሪኹ ይኹን ንታሪኽ ስድራቤቱ ከጽሕፍ ኣብ ዘይተግሃሉ ዘሎ ግዜ፡ ንሱ ንታሪኽ ሓደ ፋላጢኡ ወይ ዘድንቖም ሰብኣይ ከጽሓፍ'ዩ ተዓጢቑ። እቲ ምኽንያት ክልተ እዩ። ቀዳማይ፡ ኣነ ምስ ተወከስኩዎ ዝሃበኒ ምላሽ፡ ብሃገራዊ ታሪኽና ብምግዳስ ዝወሰዶ ተበግሶ እዩ። እቲ ኻልእ ዝርዝር ኣብቲ መጽሓፍ ኣሎ'ንድዩ ክሰግሮ እየ። እቲ ክጠቕሶ ዘለንን ንኹላትና እውን መምሃሪ ይኹነና'ዩ ዝብሎን ግን፡ ብጻይ ሮቤል ኣብ ሽወደን'ዩ ዝነብር። ኣብታ እዋን ምርኻብና "ንምንታይ ተገዳስነት ኣብ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ?" ንዝብል ሕቶ፡ ንሱ - "ኣብ'ዚ እዋን'ዚ. ." ኢሉ፡ "ኣብዚ እዋን'ዚ ሽወደናውያን ናይ ካልኣይ ኵናት ዓለም ታሪኽም ብዝተኻእለ መጠን ብምልኣት ንምጽሓፍ፡ ነቶም ኵሎም ኣብታ ግዜ'ቲኣ ኣብ ካልኣይ ኵናት ዓለም ብህይወት ዝነበሩ ብኣካል ብምርካብ፡ ቃለመጠይቓት ብምግባር ታሪኽ ዝሰንዱ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ሞያውያን ብምእካብ፡ ብወፈራ ተተሓሒዞምዎ ኣለዉ። እዚ ተግባራቶም እዚ ኸኣ'ዩ ንዓይ ብታሪኽ ሃገረይ'ውን ከም ዝሓስብ ገይሩኒ። 'ንሕና'ውን ታሪኽና ሰብ ታሪኽ ብህይወት እንከለዉ ብግቡእ ካብኣቶም ከም ዝሰነድ ክንገብር ኣለና!' ኢለ እየ ሓሲበ።" ብምባል፡ ነቲ ሕቶ

ብኻልእ ኣዝዩ ሰፊሕን ኣገራምን ሓቂ ኣሰንዩ እዩ መሊሱዎ። ዝገርም'ዩ!። ብዝኾነ፡ ምስ'ዚ ጕዳይና ንምትሕሓዙ፡ ንሱ'ውን ብዓቕሙ ብታሪኽ ኣቦይ ግርማይ እጃሙ ከበርክት ተበጊሱ ማለት እዩ። ብኸምኡ ናብ ምድላው እዛ መጽሓፍ ኣቲና። እንህት ከኣ ብዙሕ ሕልኽልኽ ዝበለ መስርሓት ሓሊፉ፡ ነተን ካልኦት ካብኣ ንላዕሊ ሕልኽላኽ ዘጋጠመን መሰልታ ሰጊራ፡ ኣብዚ በጺሓ። ነዚ'ውን ኣቐዲመ ክብሎ ከም ዝፈተንኩ፡ ምስቲ ካልእ ብዙሕ ዕድለኛነት ኣቦይ ግርማይ እየ ዘተሓሕዞ። እሞ ንሕና'ውን ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኰነ፡ ተረኽቲ ታሪኽና'ውን ክንኸውን ኣለና እየ ክብል ደልየ።

**ሕቶ፦ ብሓቂ ዝገርም'ዩ። እሞ እዛ መጽሓፍ ብኸመይ እያ ተዳልያ ዘላ፡ ዝሓለፈቶ መስርሕኸ እንታይ እዩ ዝመስል?**

- እዛ መጽሓፍ፡ ድሮ ኣብ ዕለተ መመረቕታ ድሓር ኣብ ገለ ቃለ-መጠይቓትን ከብርሆ ከም ዝፈተን ዩ። ዝተዳለወትሉ ኣገባብ ብዝምልከት እንተድኣ ኾይኑ፡ እቲ ሓደ ኣብቲ ምስ ኣቦይ ግርማይ ዝተኻየደ ሰፊሕ ቃለ-መጠቓት ምርኵስ ብምግባር'ዩ። ዝተረፈ ኣቐዲሞም ንሶም ምስ ዝተፈላለዩ ጋዜጠኛታትን ማዕከናት ዜናን ካብ ዘካየዱዎ ቃለ-ምልልስ ዝተረኽበ ተወሳኺ ሓበሬታ'ዩ። ብምቕጻል፡ ምስ ብዙሓት 'ጽቡቕ ገይሮም ይፈጡዎም እዮም' ዝተባህሉ ዓበይትን መንእሰያትን ብምርኻብ ካብ ዝተኻየደ ቃለ-ምልልሳት ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣሳኒኻን ኣመሳኺርካን ዝተዳለወት እያ። ይኹን'ምበር፡ መጽናዕታዊ ዕዮ ኹሉ ግዜ ብዝተፈላለየ መስርሕ ስለ ዝሓልፍ፡ ኣብኡ ኸኣ፡ ብዙሕ ደጋፍን ዓንቃፍን ተርእዮታት ክህሉዎ ግድን'ዩ። ብሰንኩን ብሳላኡን ከኣ ገሊኡ ኣዝዩ ብዘዐግብ ምላሻት ይዕጸ፡ ገሊኡ ሓባሪ ወይ ንኻልእ መበገሲ ብዝኸውን ኣገባብ ጥራይ ይድረት። ገሊኡ'ውን . . ካብኡ ንታሕቲ ይኾነካ እዩ። ብዝኾነ፡ ነዚ ኹሉ ሓሊፍካ ኣብ መወዳእታ ኣበይ ትበጽሕ'ዩ? ኣነ ኣብዛ መጽሓፍ'ዚኣ በጺሐ ኣለኹ። ወይ እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ብኸምኡ ዝኣመሰለ መስርሕ እያ ሓሊፋ።

**ሕቶ፦ ኣብቲ ዕለተ-መመረቕታ ገምጋሞምን ምስትምቓሮምን ካብ ዘቕረቡ ሓደ ገዲም ስነ-ጥበበኛን ደራስን ተመራማርን ሰሎሞን ጽሃየ፡ "ዘመንፈስ ኣብዛ መጽሓፉ ጓሕጓሒ ኣገባብ ምርምር እዩ ተጠቒሙ፡ ኣብ ገሊኡስ የብዝሖ እኳ ድኣ" ክብል ገሊጹ ነይሩ። እዚ እንታይ ንምባል'ዩ? ከመይ ዲኻ ተጠቒምካ?**

- ልክዕ እዩ፡ ጽቡቕ ኣሎ ኣቶ ሰሎሞን ጽሃየ። ንሱ ከም ሞያዊ ልዕሊ ኻልእ ሰብ ጽቡቕ ገይሩ ይርድኦ እዩ። ብተወሳኺ'ውን ሓደ ካብቶም ኣብዚ ስራሕ ካብ ምጅማሩ ኣትሒዞም ዘተባብዑንን በብግዚኡ ንምዕባለይ ብሕጕስ መንፈስ ዝደፍኡን ኣያታት እዩ። በዚ ክልቲኡ ምኽንያታት ኣነ ምስ ኵሉ ዘለዎ

ሕጽረት ግዜ እናተሰከፍኩ እየ ነታ መጽሓፍ ሕልፍ ሕልፍ ክብላ ጥራይ ኢለ ሂበዮ። እዝግኣብሄር ይሃቦ ግን፡ ከም'ቲ ኣብቲ ዕለተ-መመረቕታ ዝርኣኻዮ፡ ገሊኡ'ኳ "እዝስ በዚሑኒ . ." ክሳብ ዝብል'ዩ ኲይኑኒ። ነቲ ሕቶ ብቐጥታ ንምምላስ ግን ሓቁ እዩ። ምኽንያቱ ንዓይ ክሳብ ዝርድኣኒ፡ ንገሊኡ ሓበሬታታት ብዅሉ ዝረኸብኩዎ ምንጭታት ኣነጻጺረ፡ ኣመሳኺረ ቅኑዕ ወይ ናብ ቅኑዕ ዝቐረበ ምላሽ ከውህቦ እየ ዝፍትን። ብዝኾነ፡ እዚ ኣነ ክጥቀመሉ ፈቲነ ዘለኹ ኣገባብ፡ ንሓበሬታ ብሓበሬታታት ብምምስኻር ምላሽ ንምሃብ ዝፍትን እምበር፡ ብናተይ ናይ ትረኻ ኣገባብ ጥራይ ክኸውን ስለዘይመረጽኩ እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ'ውን ትም ኢለ ኣይኣተኹዎን፡ ብወገነይ ካብ ንዝያዳ ተነባብነት፡ ንዝያዳ ተኣማንነት እየ ቀዳምነት ክህብ መሪጸ። ይግረምካ እዚ ምርጫ'ዚ፡ ኣቐዲሙ ኣብቲ ገና ዘይተሓትመ ዘሎ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ተሰማ ብድሆ ገጢሙዎ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ብዕድላ ኣቐዲማ ብውጽኣ፡ ከም ኣገባብ ኣብ ኣንበብቲ ብዙሕ ጸገም ከም ዘይብሉ ክርዳእ ክኢለ እየ። ስለ'ዚ 'ሓበሬታ ኣብ መጽናዕቲ ክርከብ ክሳብ ዝተኻእለ ርሕቐትን ዕምቈትን ከይድካ ክርከብን ክምስራሕን ብድሕሪኡ ብተነባቢ ኣገባብ ቦታኡ ክሕዝን ክግበር'ዩ ዘለዎ' ኢለ ስለ ዝኣመን እየ፡ እቲ ኣገባብ ተኸቲለ ክብል ኢለ እየ።

**ሕቶ፦ ኣብዚ መጽናዕትኻ ወይ መጽሓፍካ ንኣቦይ ግርማይ ፈታዊኦም ዲኻ ጸላኢኦም?**

- ዘገርም ሕቶ'ዩ። ሓደ ዓቢ ጽሓፊ ታሪኽ ህይወት ዝኾነ 'ልዮን እደል' ዝተባህለ ሰብ'ሲ፡ ኣብታ "ጥበባት መጽሓፍ ዛንታ ህይወት" ብዝብል ዝገበሮ ቃለ-ምልልስ እንታይ ኢሉ ይመስለካ፡ "እዚ (ምድላው መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ማለቱ'ዩ) ልክዕ ከም'ዚ ፈለማ ምስቲ ብዓል ታሪኽ ኣብ ፍቕሪ ምእታው'ዩ። ብዝኾነ ምኽንያት እቲ መበገሲ ንሱ እዩ። እንተኾነ፡ እዚ ፍቕሪ'ዚ ክሳብ ኣበይ እዩ ዝበጽሕ ኣይትፈልጥን ኢኻ . ." ይብል'ሞ፡ ኣብ መወዳእታኡ "እንተድኣ ሓቀኛ ታሪኽ ህይወት ክትጽሕፍ ኲይንካ "ዝበዝሕ ግዜ ጽሓፍቲ ታሪኽ ህይወት ክብገሱ እንለዉ ብስሕበት - ማለት ጽቡቕ ግጥሙ ተንብብ ወይ ትሰምዕ'ሞ ነቲ ገጣሚ ክትረኽቦ ትደሊ፣ ሓደ መራሕ ሃገር ክምድር ትሰምዖ'ሞ ኣዚኻ ተድንቖ፡ ወይ ብዓወት ሓደ ጀነራል ወይ ኣድሚራል ኣብ ሓደ ውግእ ትምሰጥ፣ ድሓር ናብ መስርሕ ምጽሓፍ ምስ ኣተኻ ግን፡ ለውጥታት ይቀላቐሉ፡ ርኽበታት ይግሃዱ፡ ሓቅታት ይወጽኡ። ብዝኾነ ኣማስያኡ እንተድኣ ሓቀኛ ወይ ቅኑዕ መጽሓፍ ከተዳሉ ኲይንካ እቲ ኩሉ ፍቕርን ተምሳጥን ክግታእ ኣለዎ።" እዩ ዝብል። ኣነ ኸኣ እንተድኣ ኲይኑለይ፡ ነዚ ኣገባብ'ዚ እየ ኣሚነ ክኽተል ወሲነ። ኣብዛ መጽሓፍ ከኣ

ከምኡ ንምግባር'የ ፈቲነ ዘለኹ እየ ዝብል። ፍቕሪ የሎን፡ ጽልኢ የሎን፡ እቲ ክህሉ ዝኽእል'ዩ ኣብኡ ሰፊሩ ዘሎ።

**ሕቶ፦ እሞ ሕጂ ኣብዚ መጽሓፍካ ንኣቦይ ግርማይ ብግቡእ ገሊጸዮም'የ ዶ ትብል?**

- ኩሉ ነገር ብተዛማዲ እንድዩ፡ ብወገነይ 'እወ ዝከኣለኒስ ፈቲነ እየ' እብል። ግን ከኣ፡ እቲ ቀንዲ ምላሽ ካብ ኣንበብቲ እየ ክረኽቦ ዘሎኒ። ወይ ኣንበብቲ እዮም ክገልጹዎ ዘለዎም።

**ሕቶ፦ ዛጊት፡ ካብ ኣንበብቲ እትረኽቦ ዘለኻ ግብረ-መልሲ ከመይ እዩ?**

- እቲ ዝበዝሕ ወይ ዳርጋ ኹሉ ኣተባባዒ'ዩ ክብሎ እኽእል። ሓደ ካብ'ቶም ቅድሚ መመረቕትኣ ከንብባ ዝኸኣለን ኣብዛ ስራሕ ልዑል ምትሕብባር ዝገበረን ብጻይ ቴድሮስ ጕይትኦም ካብ ሽወደን'ዩ። ቴድሮስ ምስ ሃብኩዎ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ኣንቢቡ ወዲኡዋ። ተራኺብና። "እዛ መጽሓፍ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ ጥራይ ኣይኰነትን፡ እዚኣ ታሪኽ ናይቶም ኣብ ዝሓለፈ 80-90 ዓመታት ዝነበሩ መዛንኦም ኤርትራውያን ታሪኽ እውን እያ!" ብምባል ስምዒቱ ብውዑዩ ኸሎ ኣካፊሉኒ። ካልእ ብዙሕ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ጕዳያት'ውን ኣዕሊልና። ብኣንጻሩ፡ ሓደ ዓቢ ሰብ ዝኾኑ ዓርኪ ኣለዉኒ። ስሞም ከጽንሖ። ግን ንሰሉሱ ደዊሎምለይ። "ኣነ'ታ ዘመንፈስ ወደይ እዚ ኹሉ ድኻምካስን ነዚ? "ኣቦይ ግርማይ!" ከኣ ትብሎ፡ ነዝስ "ግርማይ ከንቶ!" ክትብሎ ነይሩካ!" ብምባል ኣምሪሮም ተዛሪቦምኒ። ንሶም ስለምንታይ ከምኡ ኢሎም ይርድኣኒ እዩ።

ስለ'ዚ ኹሉ ሰብ ንንባብ ወይ ንነገራት በብናቱ ኵርናዕ እዩ ዝጥምቶ። ካልእ እውን ሓደ መንእሰይ፡ "ስማዕ እንዶ ንኣቦይ ግርማይ ጸላኢኦም ዲኻ ፈታዊኦም?" ኢሉኒ፡ ከምዚ ኣቕዲምካ ንስኻ'ውን ዝሓተትካኒ ማለት'ዩ። እዚ ኸኣ "እቲ ኣብኡ ዘሎ ሓቅታት ክሕባእ ነይሩዎ!" ዝብል እዩ ማለት'ዩ። ካልኦት ከኣ፡ ብብዝሒ "እዛ መጽሓፍ ብልጭኣ እቲ ሓቀኛ ገጽ ናይ ኣቦይ ግርማይ ከተፍልጠና ምኽኣልካ'ዩ" ዝበሉኒ ኣለዉ። ስነጥበበኛ ሰሎሞን ብርሃነ፡ ነታ መጽሓፍ ውድእ ምስ ኣበላ፡ ኣብ መገዲ ረኺቡኒ። "ኣንታ ዘመንፈስ እዚ ኹሉ ግልጽልጽ ኣቢልካ ኣቕሪብካዮስ፡ ኣብታ መወዳእታ ግን እታ ክሳብ ግዜ ሽምግልንኦም ዓርኮም ዝነበረት መን ምዃና ሓቢእካዮ!" ብምባል ሓሪቑ ተዛሪቡኒ። እዚ ኹሉ ስምዒታት እትጽበዮ'ዩ። ምኽንያቱ ከምቲ ኣቕዲምካ ዝበልካዮ እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓይነት መጽሓፍቲ ኣብ ሃገርና ገና ኣገዳስነቱን ዓይነታቱን ኣይተለምደን ዘሎ። እቲ ዛጊት ዘሎ ግብረ-መልስታት

ነዚ ይመስል። ሓደ ስሙ ዘይፈለጥኩዎ ግዱስ ሰብ’ውን (መንእሰይ’ዩ መስለኒ) ከምዚ ክብል ተክስት (መልእኽቲ) ገይሩለይ፣ እታ ጽሕፍቲ እንሃትልካ፡ ከምዘላታ፦ “ክቡር ደራሲ ኣቐዲመ ሰላምታ! ብምቕጻል ኣብ ‘ኣቦይ ግርማይ’ ዘለኒ ኣድናቖት ክገልጽን ከመስግነካን ኢለየ ዝጽሕፈልካ ዘለኹ። ኣቦይ ግርማይ - 1. መግዛእቲ ኣብ ህይወት ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዝነበሮ ሃስያ፡ 2. ተራ ገዳይም ስነ-ጥበባውያንና ኣብ ምስራጽ ሃገራውነትን ምኹስካስን ባህሊን ብምልኣት እትጸዊ ብልጽቲ መጽሓፍ’ያ፥ ንዓና ንሓደሽቲ ወለዶ ድማ፡ ታሪኽ ስነጥበብና ነዊሕ ሰረት ከምዘለዎ ዘፍለጠትና፥ ምስ ደራስን ጋዜጠኛን ዘመንፈስ ሃይለ ኣብ መጽሓፍ “ኣቦይ ግርማይ” “ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተረኽቲ ታሪኽና እውን ክንከውን ኣለና” ተስፋይ ዕቝባይ ካልኣይን መወዳእታን ክፋል ቃለ-መሕትት ከም ሕብረተሰብ’ውን ኣብ ዓውዲ ስነጥበብ ናይዚ ቀርኒ ኣፍሪቃ፥ ናይ ክብሪ ቦታና ዘውሓሰት መሐበኒት መጽሓፍ’ያ! የቐኒየልና። ኣብ መወዳእታ ድማ ብመገዲ ኣሉታዊ ባህርያት ናይ ኣቦይ ግርማይ ኣቢሉ፥ ኣገዳስነት ድስፕሊን ኣብ ህይወት ብዓውታን ብንጹርን እትምህር ለባም መምህር ኢያ!” ድኹም ጎድንታት ናይ ኣቦይ ግርማይ እንቋዕ ጸሓፍካዮ።” ይብል። ብዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ፡ ንኹሎም’ዞም ብወዝቢ ዝጠቐስኩዎምን ካልኦት ብዙሓት ከምኣቶምን ንስለ ትግሃቶምን ዝሃቡኒ ግብረመልስታትን ብልቢ ከመስግኖም እፈቱ። ካልኦት’ውን ከምኡ ክቕጽሉዎ ተስፋይ እዩ። ምሉእነት፡ ኣብ ምምልላእን ምብህሃልን’ዩ ዝርከብ።

**ሕቶ፦ ኵሉ ግዜ ግን፡ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ነቲ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ግምት ከአቱ ኣለዎ። ማለት፡ ብሱሩ እዚ ዓይነት ስነ-ጽሑፍሲ ምዕራባዊ ቅዲ ወይ ምዕራባዊ ባህሊ’ዩ። ምስ’ዚ ናትና ሕብረተ-ሰብ ብምትሕሓዝ፡ ኣብ ኣቀራርባኡ ከመይ እዩ ክኸውን ዘለዎ ግዲ?**

- ልክዕ! እንተኾነ፡ ኣብ መእተዊ ናይዛ መጽሓፍ እውን ክብሎ ፈቲነ ከም ዘለኹ፡ ንሕና ታሪኽና ታሪኽ ጀጋኑና፡ ጀጋኑ ኹሉ ዓውድታት ማለተይ እየ። ጀጋኑ ዓውደ ኹናት፡ ጀጋኑ ዓውደ ፍልጠታት፡ ጀጋኑ ዓውድታት ስነ-ጥበብን ስፖርትን. . . ታሪኾም ክስነድን ክወራረስን ናይ ዘለዎም ሰባትና፡ ካብ ኵሉ መዳያት ክንስንዶ ኣለና። ክንገልጾ ኸኣ ኣለና። እቲ ሕቶ ዝመጽእ ዘሎ ኣብ ምግላጽ እዩ። ኣብ ምግላጽ እንተድኣ እቲ “ጸጽቡቑ” እንብሎ ጥራይ ጐሊልና ነቕርቦ ኾይንና፡ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ብቐንዱ ሓቂ ኣይኮነን። ዛንታ ሰባት’ምበር ዛንታ መልኣኽቲ ኣይኰንናን ንጽሕፍ ዘለና። ዛንታ ደቂ-ሰባት ክሳብ ዝኾነ፡ ክብን ለጠቕን ኣብ መወዳእታ ተፈላጥነት ወይ ዓወት ብኸመይ ከም ዝመጽእን ዘርኢ ዛንታ’ዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብዛ ሓጻር ናይዚ ስራሕ’ዚ ተመኵሮይ እኳ፡ ድሮ’ዚ ዓይነት ብድሆታት ይገጥመኒ እዩ።

ግን እቲ ክፍለጥ ዘለዎ ጸጽቡቑ ዝተጐልለ ዛንታ ነባርነትን ተኣማንነትን ሰሓብነትን ከም ዘይብሉ እዩ። እወ፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ብዙሕ ግልጺ ኣይኰንናን። ግልጺ ኣይኰንናን ጥራይ ዘይኰነ፡ ክስተር ዝግብኦ ኢንታታት ወይ ኣበራት ክህልወና ጽቡቕ'ውን እዩ። ግን "ምስታሩ ዘምጽኦ እወታዶ ኣሉታ ይዓቢ?" እቲ ብዓል ታሪኽ እኮ ድሮ እቲ ዝኾኖ ኾይኑዎ እዩ ሓሊፉ። ንሕና ህሉዋት ግን 'ካብ እወታኡን ኣሉታኡን እንታይ ንምሃር?' እዩ እቲ ሕቶ። እንተድኣ ኣሉታዊ መዳይ ዘይነበሮ፡ ፍጹም ናይ መልኣኽ ዛንታ ኣምሲልናዮ፡ ምልኣት ዝጐደሎ ዛንታ ኢና እንርኢ። ኣብ ግብሪ ከምኦም ክንከውን ስለ ዘጸግመና ኸኣ፡ እቲ ሃስያ ነቲ ታሪኽን ነቶም ኣንበብቲ እቲ ታሪኽን ይኸውን። ጽቡቕ ኣብነት ካብ ግዳም ግዳም ገዲፍና፡ ዛንታ ህይወት ኤርትራዊ ሓርበኛ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ንባዕላ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ቅብልቲ ኣብነት ወይ መርኣያ ቅኑዕ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ህይወት'ያ ንዓይ።

ደራሲ ሃይለ ወልዱን ዓዋተ ባዕሉን ከኣ ኣብዚ መዳይ'ዚ እውን ፈለምቲ ናይቲ ዓይነት ስነጽሑፍ (ጅር) ኰይኖምና እዮም እብል። ስለዚ ብሕጂ ንዝመጽእ ስርሓት'ውን ብኡ መንጽር ክንእርዮ ዘለና እመስለኒ። ሕቶ፦ ናብ'ቲ መጽሓፍ ክንምለስ፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ እንታይ እዩ ሒዙ ዘሎ፡ ነቶም ክሳብ ሕጂ ዘየንበቡዋ እውን ንምሕባር ዝኣክል? - እዚ መጽሓፍ'ዚ ብዘይካ'ቲ ልሙድ ኣብ ቅድሚት ዘሎ፡ 18 ምዕራፋት ብቐጥታ ምስ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ፡ መበል 19 ምዕራፍ ድማ ንገለ ካብቲ ብዙሕ ዋዛታት ኣቦይ ግርማይ፡ ዝሓዘን እዩ። ብምቕጻል፡ ካልእ ዝገርም ድሕረ ዛንታ'ውን ኣለዎ። ከም ጥብቆ ኸኣ ንገለ ካብቲ ኣቦይ ግርማይ ምሳይን ምስ ካልኦትን ዝገበሩዎ ቃለ-ምልልሳት ከም ዘለዎ ዝሓዘ ኾይኑ እዩ ቀሪቡ ዘሎ።

**ሕቶ፦ እዛ መጽሓፍ "መዘከርታ ንዅሎም ፈለምቲ ዘመናዊ መድረኻዊ ስነ-ጥበብ ኤርትራ" ኢኻ ኢልካያ ዘለኻ። ብዛዕብኡ እስከ?**

- እወ ጽቡቕ ኣለኻ፡ እዞም መሰረት ዘመናዊ ስነ-ጥበብ ሃገርና ዝኾኑ ስነጥበበኛታት እዚኣቶም ልዑል ምስጋናን ኣፍልጦን ዝግብኦም'ዮም ኢለ እየ ዝኣምን። ኣነ ኣብ ስነ-ጥበብ እዛረብ ስለዘለኹ'የ እምበር፡ ናይ ኵሉ ዓውዲ ፈለምቲ ዝኾኑ ጀጋኑና ብምሉኦም'ውን ማለተይ እየ። ምኽንያቱ ዅሉ ኣብ ልዕሊ መሰረት'ዩ ዝቐውም። ንሱ ጥራይ ዘይኰነ ኸኣ፡ እዞም መሰረታትና'ዚኣቶም ንሕና ኢና። ኣባና ገሊጽና ክንውድኦ ኾነ ክንርድኦ ዝኸብድ ሃለዋት'ዩ ዘለዎም። ነዚ ኽንርድኦ፡ ኣፍልጠ ኽንህቦ ኣለና። ስነጥበብ ኣልዒልና ኣለና፡ ስነ-ጥበብ እቲ ዝረቐቐ መሳርሒ ምህናጽን ምዕናውን መንነታት'ዩ። ኤርትራዊ ስነ-ጥበብ ከኣ፡ በቲ እወታዊ መዳዩ፡ ኤርትራዊ

ሃገራዊ መንነት፡ ሰብነት ንኽንጸርን ክጕልሕን፡ ብኡ ኣቢሉ ኸኣ ሃገሩን ሃገራውነቱን ንኽነጽርን ንኽጕልሕን ዓቢ እጃም እዩ ነይሩዎን ዘለዎን። እቲ ናብ ቃልስን ናጽነትን ዘብጽሓና መስርሕ፡ “ብዘይ ኣበርክቶ ስነ-ጥበብ እንታይ ምኾነ ነይሩ!” ኢልካ ክትሓስብ ከለኻ፡ ምላሹ ንጹር እዩ። እዚ ስነ-ጥበብ'ዚ እቲ ኣብ መድረኽ ዝወጽአ ናይዞም ንብሎም ዘለና ብዓቢኡ፡ ኪኖኡን ቅድሚኡን ግን እቲ ካብ ኣደታትናን ኣቦታትናን ከባቢናን እንረኽቦ'ውን ከይረሳዕና ማለት እዩ። ስለዚ ኸኣ እየ፡ እዛ መጽሓፍ ምስ ኵሉ ድሩትነታ፡ ንዕኦም መዘከርታ ኽትከውን መሪጸ፡ ምስኡ ኸኣ ኸም ካልኣይ ነጥቢ፡ እዚ ዛንታ ኣቦይ ግርማይ ጥራይ ዘይኰነ ዛንታ ኵሎም'ቶም ምስኦም ንስነጥበብና ኵሉ ዝጠልቦ ዝነበረ ዋጋ ኸፊሎም ዘታተዩልና ዝኸፈል ዋጋታት እናኸፈሉ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝገበሩን ኵሎም'ውን እዩ።

ስለዚ ብኸምኡ እየ ንዕኦም ኣወፍየያ። ምስኡ ኸኣ፡ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝብሃልን TS Eliot ኣብ'ታ “Tradition and individual talent” ዘርእስታ ዓንቀጹ ዝበሎን እዩ። ኵሉ ግዜ ስነ-ጥበብ ብውልቀ ዝምባለን ባህላዊ ድሕረ ባይታን ወይ ጸኒሕን'ውን እዩ ዝልካዕ። ድሕሪ ብሃራት ስነጥበበኛታት ኣተወብርሃን ሰጊድን በረኸት መንግስትኣብን፡ ድሕሪ ወዲ ኣሚርን ስታዝ ኣልኣሚንን፡ ማመትን ኋል ጸባኦን ጽሃይቱ በራኺን፡ ድሕሪ ሻለቃ ግርማይን ኣቡበከር ኣሸክሕን፡ ሃይለ ገብረእግዝኣብሄርን ተወልደ ረዳን፡ . . እትመጽእ ድምጻዊት፡ ዝመጽእ ድምጻዊ ወይ ሙዚቀኛ፡ ነቲ ናይዞም ናይ ስነ-ጥበብ ኣባሓጐታቱን እናሓጎታቱን ዝበጽሑዎ ደረጃ ብግቡእ ፈሊጡን ተረዲኡን ምስ ናቱ ወይ ናታ ውልቀ ትዕድልትን ጻዕርን ኣሰንዩ፡ ክንዮ'ቲ ንሳቶም ዝበጽሑዎ ደረጃ ዝልካዕ ፍርየት ስነ-ጥበብ ከቕርብ'ዩ ትጽቢት ዝግበረሉ። እንተድኣ ዘየቕሪቡ ኸኣ ብኡ መንጽር'ዩ ዝንቀፍን ዝምዘንን። እሞ ኸምኡ ኽገብር እንተድኣ ኰይኑ ኸኣ፡ ፈትዩ ጸሊኡ ኣብ ሞያ ስነጥበብ እንተድኣ ኣትዩ፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ፡ ታሪኽ እዞም ኣርካናት ስነጥበበኛታት እዚኣቶም ክፈልጥን ክምርምርን ኣለዎ! ስለዚ እዚ ኸም መዘከርታ ኢለ ኣብዛ መጽሓፍ ኣስፈረዮ ዘለኹ፡ ነዚእታት ኣብ ግምት ብምእታው ዝተገብረ'ዩ። ብዛዕብኦም ገና ብዙሕ ክንብል ከም ዝግባእ'ውን ምዝካር ከድሊ እዩ።

**ሕቶ፦ ገዳይም ኤርትራውያን ስነጥበበኛታት፡ ኣብ መሰረት ታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ መሰረት ዘመናዊ ታሪኽ ሙዚቃ ኢትዮጵያ'ውን ተራኦም ዕዙዝ ምዃኑ ኢኻ እትገልጽ። እዚ ማዕረ ክንደይ ሓቂ እዩ?**

- ሓቂ ንምዝራብ እቲ ዝዓበየ መጕተይ ንሱ እዩ። እቲ ልዕሊ ኹሉ በዚ መጽሓፍ እዝን በቲ ዝቕጽል ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኰሰ መጽሓፍተይን ኽገልጾ ወይ ከጕልሖ ዝደሊ ዘለኹ'ውን ንሱ እዩ። ንሕና ብታሪኽና ንኹርዕን ታሪኽ እንሰርሕን እምበር "ታሪኽም ኣይስንዱን ኣይጽሕፉን'ዮም!" እናተብሃልና ኽንልለ ወይ ብኡ ኽንፍለጥ ጽቡቕ ኣይኰነን። ከም ኣረዳድኣይ ታሪኽ ክልተ ግዜ እዩ ዝስራሕ። እቲ ሓደ ብግብሪ ኣብ መሬት'ዩ። እቲ ኻልኣይ ከኣ ብሰነድን ትረኻን ኣብ መሳለጥያታት። ኣብ መድያታት። ኣብ መጽሓፍቲ። ኣብ መድረኻት። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ባይታ ዝሰራሕካዮ ታሪኽ፡ ኣብ ሰነድን መወከሲታትን እንተድኣ ዘየጕላሕካዮ፡ ሓደ ብጭቡጥ ከምዝገበርካዮ ምስክር ትስእን፡ ካልኣይ ብዓቢኡ ኸኣ ተካኢ ወለዶኻ ኣብ ኣፈጻጽዋ ተደሪቱ፡ ኣብ "ተገይሩዩ - ኣይተገብረን" ዝብል ምጕት ይሽመመካ። ብኹሉ ኹሉ ክሳራ እዩ። ኣልዒልናዮ ዘለና ኣርእስቲ ገዚፍን ሰፊሕን እዩ። እታ ኣቐዲመ ብጻይ ሮቤል ነዛ መጽሓፍ ከነበግሳ ኸለና ዝበላ ቃል ኢለ ዝጠቐስኩልካ፡ ንዓይ ኵሉ ግዜ እያ እትመላለሰኒ፣ "ሽወደናውያን ኣብ ካልኣይ ኵናት ዓለም ብኣካል ዝነበሩ. . ." ንምንታይ'ዮም፡ እዞም ሽወደናውያን ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ዳምዳም ኣትዮም፡ ዝግባእ ወፍሪ ገይሮም፡ ታሪኽም ካብ ሰብ ውዕሎን ካብ ብዓይኖምን ዝርኣዩ፡ ብእዝኖምን ዝሰምዑ ሰባት ከትርፉዎ ዝጓየዩ ነይሮም? ርዱእ እዩ። ምስ ምቕባር ታሪኽ እዮም ዝቀዳደሙ ነይሮም። ንሕናኸ ድኣ? እቲ ብዙሕ ዘይሰለጠና ግን ምስ ምርምርን ስነዳን ዘንቀልናዮ ሓሳብ'ውን እኮ ናቱ ተመሳሳሊ እዩ ነይሩ።

ብዝኾነ ሕጂ'ውን እዚ ምስ ስነ-ጥበብ ዝተተሓሓዘ ታሪኽና ብሙዚቃ ጥራይ እኳ ምስ እንርእዮ፡ ኣብ መሰረት ታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኢትዮጵያ መሪሕ ግደ ኸም ዝነበሮ ርጉጽ እዩ። ግን ብኸመይ እዩ ዝረጋገጽ፤ ኣብዚ እዋን እዚ ሓሳብ'ዚ በዝን በትን ይቀላቐል ስለ ዘሎ፡ ንብዙሓት ፍናን ዝህብን ብዝያዳ ዕምቈት ንኽስራሕ ይድለን ኣሎ። ብወገነይ ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ከም ገለ ኢለ ዓሊበስ፡ ኣብኡ ጸሚደ እሰርሕ ኣለኹ። ነቲ ዘመናዊ ጥራይ ዘይኰነ ንያታዊ ሰረት ሙዚቃናኸ እንታይ እዩ ዝመስል? ዝብል መዳዩ እውን ምስኡ ኽጽንብሮ ኸኣ እደሊ። ጀሚረዮ'ውን ኣለኹ። ንምንታይ ኣብ መወዳእቱ ኢልካ ኢልካ ሰብ ታሪኽ እዩ፡ ሰብ ዛንታ እዩ። እቲ ብዛንታ ዝዓበየ ወለዶ ኸኣ ኸከም ዛንትኡ ኻልእ ናቱ ታሪኽ ወይ ዛንታ ይሰርሕ። እዚ ቐሊል ዝመስል ግን መሰረት ኵሉ ክስተታት ዝኾነ ሓቂ እዩ። ከምቲ ኣርካን ስነ-ጥበበኛ በየነ ሃይለ "ጽውጽዋይ ሕብረተሰቡ ከይጸገበ ዝዓበየ ሰብ፡ ምሉእ ሰብ ኣይከውንን እዩ!" ዝበሎ ማለት እዩ። ወይ ከምቲ . . . እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ። በብመዳይና ከምዚ ገይርና እንተድኣ ጀማሚርናዮ ግን፡ ጽባሕ ንግሆ

ብደረጃ ትካላት ዝግብኦ በጀትን ዓቕሚ ሰብን ረኺቡ፡ ብስፍሓት ዝሰርሓሉ መድረኽ ክመጽእ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ውልቀ ተበግሶ ክህሉ ኣለዎ እየ ዝብል። ነዚ ንታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ ብመንጽር ታሪኽ ዘመናዊ ሙዚቃ ኢትዮጵያ ብዝምልከት ኣብ ዝቕጽል መጽናዕታዊ ስርሐይ ብንጹር ከቕርቦ'ኻ እንተኾንኩ፡ ክሳብ ሽዑ ግን ንቓላት ኣቦይ ግርማይ ክውክስ፡ "ኣብቲ እዋን'ቲ ዝበዝሐ ደርፍታት ኢትዮጵያ . . ሰለስተና ኤርትራውያን. . ሻለቃ ግርማይ ሓድጉ፡ ብኣኮርድዮንን ዜማ ምውጻእን፡. . ኣነ ብጊታርን ዑድ ብምጽዋትን ዜማ ብምውጻእን፣ . . ኣቡበከር ኣሸክሕ ብቫዮሊን ምጽዋትን ዜማ ምውጻእን፡ ነቲ ብጥሩምባታት ጥራይ ዝጽወት ዝነበረ ሙዚቃ ኢትዮጵያ፡ ዘመናዊ መሳርሒታት እናጸንበርና . . ከም ዝምዕብል ገይርናዮ ኢና። . . ኢለ ኣፈይ መሊአ ክዛረብ እኽእል እየ!" ዝበሉዎ እዩ።

**ሕቶ፦ ብዙሕ ካብ'ዚ ኣብ መጽሓፍካ ዝጥቀስ ኣስማት ሰባት ኰነ ማሕበራት ስነጥበብ ግን፡ ዝውቱር ኣይኰነን ጸኒሑ ጥራይ ዘይኰነ ንኣእዛን ብዙሓት ሓድሽ እዩ። ንምንታይ?**

- "ኣይትብከ እንድዩ ዘብክየኒ ዘሎ" ድዩ ዝብሃል። ንሱ እንድዩ እቲ ጸገምና። ንሕና ንህሉው ንገብሮ ታሪኽ እምበር ንሕሉፍና ብዙሕ ፋዕራ የብልናን። እዚ ኽሳብ ሕጂ ዝጸንሐ መለለዩና እንተነይሩ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ግን ክልወጥ ኣለዎ! ከምኡ ንምግባር ከኣ ኢና ንሰርሕ ዘለና። ብዘይካ'ቲ ዝበልኩዎ፡ ከምቲ ኣብ ዝባን መጽሓፍ ኣቦይ ግርማይ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ብፍላይ ናይዞም ክልተ ገዳይም ክንሶም ብኣና ግን ብዙሕ ዘይፍለጡ ስነጥበበኛታት፡ ሻለቃ ግርማይ ሓድጉን ኣቡበከር ኣሸክሕን ብዝምልከት፡ ከም መቐጸልታ እዚ ናይ ኣቦይ ግርማይ ገይረ፡ ዓቕሚ እንተድኣ ተረኺቡ ወይ ዝሕግዝ እንተድኣ ተረኺቡ፡ ኣብዚ ቀረባ ብተመሳሳሊ ብመልክዕ መጽሓፍ ከም ዝሕትም ክገብር እየ እብል ኣለኹ። እቲ ናይ ማሕበራት'ውን ምስኡ ማለት'ዩ። ስለዚ እቲ ጸገም ብግቡእ ስለ ዘይተጸንዐን ተደጋጊሙ ስለ ዘይግለጽን እዩ።

**ሕቶ፦ ኣብ መወዳእታ ዝተረፈ እንተሎ?**

- ኣብ መወዳእታ እዩ ብዓቢኡ ክፍለጥ ዘለዎ፡ ኣነ ነዚ ሓሳብ ናብ ግብሪ ንምስጋር ዝገበሮ ዘለኹ ፈተነ ኩሉ ናይ በይነይ ድሌትን መደብን'ውን ኣይኰነን። ብዙሕ ኣብ ሃገርን ካብ ሃገር ወጻእን ምንቅስቓስ ዝደሊ ብምዃኑ ከምኡ ንምግባር ብዙሓት ተሓባበርቲ'ዮም ዘለዉኒ። ሓደ ካብኦም ነዚ ሓሳብ ንቕድሚት ንኽደፍኦ ዝደጋገፉንን ዝተሓጋገዙንን ዘለዉ፡ ኣቶ ዘምህረት ዮውሃንስ እዩ። ብምቕጻል ድማ፡ ብዓቢኡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ክቡር ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ እዩ። ምስኡ ኸኣ

ኣባላት ቤት ጽሕፈቱ። ብምቕጻል ብቐረባ ሓላፊ መኰነን ጐስጓስን ሓበሬታን ኮሎነል ሰሎሞን ስዩም፡ መጀር ፍስሃየ ተኽላይ፡ ብጻይ ኢሳቕ ገረዝግሄርን ብምሉኦም ኣባላትናን እውን ኣብዚ መስርሕ ኣበርክቶኦም ኣዝዩ ልዑል እዩ። ብዘይናቶም ደገፍ ከኣ ነቲ ዝሓለፈ ኹነ ነዚ ዝቕጽል ዘሎ ክገብር ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ’ሞ ንግብራዊ ምትብብያምን ደገፎምን ብልቢ ከመስግኖም እደሊ።

ሓዳስ ኤርትራ ነሓሰ 2023